# ኣብ ናይ ውላድካ ቤት ትምህርቲ ኣፋላላይ ዘርእን ኣድልዎን ከመይ ሪፖርቲ ከምዝግበር።



Tigrinya

**ኣብ ቤት ትምህርቲ ማሕበረሰብ ውላድካ ክኸብርን፡ ዋጋ ክዋሃቦን ብማዕረ ክታሓዝን ተገበእ እዩ።**

**ኣብ ሃይማኖት ወይ ዘርኢ ዝተሞርኮሰ ኣድልዎ ወይ ዓመጽ ዝገብር ተጸዋርነት የብሉን።**

እንተደኣ ወላዲ ወይ ናባዪ ቆልዓ ኮንካ ኣብ ቤት ትምህርቶም ናይ ሃይማኖታዊ ወይ ዘርኢ ኣድልዎ ወይ ዓመጽ ርእዩ ወይ ተሞኪሩ፡ ሪፖርት ንክትገብሩ ነታባብዓኩም።

ብናይ ቤት ትምህርቲ ስራሕተኛ ዝሰማማዕ ስጉምቲን ደገፍን ከበርክቱ ዝኽእሉ ምኺኖም ንከረጋግጹ ንምድላው ይኻኣል።

ብዛዕባ ዝተፈጥረ ጸገም (ተረኽቦ) ነቲ ቤት ትምህርቲ ወይኻዓ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ወግዓዊ ዝኾነ ኣቤቱታ ክትገብሩ ትደልዩ ትኾኑ።

ንዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ርኣዩ:
[ብዛዕባ ቤት ትምህርቲኻ ዘተሓሳሰበ ወይኻዓ ጥርዓን ንምቕራብ (education.vic.gov.au)]

## ንዝተፈጥረ ኩነታት ንዘርኢ ኣድልዎ ምፍጣር ሆትላይን ሪፖርቲ (REPORT RACISM HOTLINE) ኣቢልካ ሪፖርቲ ግበር

**Report Racism Hotline**

1800 722 476

report.racism@education.vic.gov.au

ብዘይካ ህዝባዊ ባዓላት ካብ ሰዓት 9am ክሳዕ ሰዓት 5pm: ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ እቲ ሆትላይን ይርከብ።

ንዝተፈጥረ ኩነታት ናብ ናይ ውላድኻ ቤት ትምህርቲ ንክተምልክት ምቾው ወይኻዓ በቲ ቤት ትምህርቲ ዝህቦ መልሲ ሕጉስ እንተዘይኾይንካ፤ ነቲ መምርሒ ቤት ጽሕፈት ብ Report Racism Hotline ኣቢልካ ክተዛራርብ ትኽእል።

ብሆትላይን መሰመር ኣብ ትድውለሉ ግዜ፤ ክትገብሮ ትኽእል:

- ኣቤቱታ ንምግባር ምይይጥ
- ንዘለዉ ኣማራጺታት ኣብ ግምት ብምእታው ብቐጻላይ እንታይ ክግበር ከምዝኽኣል
- ሓገዝ ንምርካብ ምስ ዞባዊ ናይ ሓገዝ ኣገልግሎታትን ንምዝርራብ።

## ብ PARENTLINE ኣቢልካ ብተለፎን መማኽርቲን (ምኽርን) ሓገዝን ምርካብ

**Parentline**

13 22 89

www.parentline.vic.gov.au

Parentline ካብ ንጉሆ ሰዓት 8am ክሳብ ፍርቂ ለይቲ፤ ኣብ ሰሙን ንሸውዓተ ማዓልታት ንናይ ሕዝባዊ በዓላት ዘኻተተ ይኸውን ኣሎ።

ከምኡ'ውን በቲ መምርሒ ተጽዕኖ ዘይብሉ ካብ ምምሕዳር ናጻ ዝኾነ ብባዕሉ ዝምራሕ ሰበሞያ ኣማኻሪ ደገፍን ምኽሪ ሓበረታ ንምርኻብ ንParentline ክተዘራርብ የድልየኻ ይኸውን።

Parentline ብሚስጥራዊን ናይ መን ምኺኑ ከየፍለጠ ንካብ ዝተወለዱሉ ክሳዕ 18 ዝዕድሚኦም ካብ ትውልዲ ክሳዕ 18 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑ ወለድን ናበይትን ምኽሪ ብተለፎን ኣገልግሎት እዩ።

ብዙሕ ብዛዕባ ወላዲ/ት ምኺን ጉዳያት፤ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣድልዎ ወይኻዓ ሁከት ምፍጣር ዘኻተተ ዘዛራርቡ መማኽርቲ ኣለዉ።

## ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ስለዝፍጠር ሃይማኖታዊ ወይ ዝርኢ ኣድልዎ ሪፖርቲ ንምግባር ንዝበለጸ ንዝያዳ ሓበሬታ ብድረገጺ መርበብ ኢንተርነት ርኣዩ:
[ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዘርዓን ሓይማኖትን ተበጊሰካ ዝፍጠር ኣድልወ ሪፖርቲ (education.vic.gov.au)]

ንዝያዳ ሓበሬታን ምንጭን ብዛዕባ ንምድሃልን እንትላይ ዘርእነት ምድሃልን መልሲ ንምሃብ ርኣዩ:
[ንምድሃል ጠጠው ዘብሉ (education.vic.gov.au)]

**ሃገራዊ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት (TIS)**

ኣስተርጓማይ ኣገልግሎታት ንዝደልዩ ወለዲን ሓልየት ውሃብቲን (ናበይትን) መምርሒ ቢሮ ወይኻዓ ንParentline ከዘራርቡ ብናይ ሃገራዊ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት (TIS) ብሰልኪ 13 14 50 ጌሮም ከዘራርቡ ይኽእሉ እዮም።

THE EDUCATION STATE | VICTORIA State Government | Education and Training